# ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ (Kulturskole) ንኹሉ

ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ንኹሎም ብዛዕባ ስነ-ጥበብን ባህልን ዝያዳ ክመሃሩ ዝደልዩ ቆልዑን መንእሰያትን ክመሃሩሉን ንጥፈታት ከካይዱሉ ዝኽእሉሉን ዕድል እዩ። ገለ ካብቲ ኣብ ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ክመሃሩዎ ዝኽእሉ ድማ ሳዕስዒት፡ምድራፍ፡ መሳርሒታት ሙዚቃ ምጽዋት፡ ምጽሓፍ፡ ትያትር/ተውስኦ ምስራሕ፡ ምስኣል፡ ስነ-ቅርጺ ወይ ፊልምታት ምድላው እዩ። ኣብ ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ዝኸዱ ብዙሓት ቆልዑን መንእሰያትን ሓደስቲ መሓዙት ይረኽቡ፡ ከምኡ'ውን ምስ ከምኣቶም ዝኣመሰሉ ማሕብረተሰብኣዊ ርክብ የስተማቕሩ።

ኣብ ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ብቑዓትን ሰብ ሞያ ዝኾኑ መምሃራን እዮም ዘለዉ። ተማሃሮ ምስ ካልኦት ቆልዑን መንእሰያትን ብጉጅለታት ክመሃሩ ወይ ድማ በብውልቆም ክመሃሩ ይኽእሉ። ሙብዛሕትኡ ግዜ ድሕሪ ምፍዳስ ቤት-ትምህርቲ ዘሎ ግዜ እዩ እቲ ስልጠና ዝካየድ።

**ኣብ ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ክሳተፉ ዝኽእሉ መን እዮም፧**

ኩሎም ቆልዑን መንእሰያትን ኣብ ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ክመሃሩ ይኽእሉ እዮም። ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ስነ-ጥበብ ንጀማሮ ኮነ ንገዳይም ስልጠና ይህብ እዩ። ልዕሊ 18 ዝዕድሚኦም ኣባጽሕ'ውን ክኣትዉ ከመልከቱ ይኽእሉ እዮም።

**ክንደይ እዩ ዝኽፈሎ፧**

ኣብ ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ንኽትመሃር ገንዘብ ይሓትት እዩ። ብዝጎደለ ዋጋ ወይ ብነጻ ትምህርቲ ዝህባ ገለ ምምሕዳራት/ኮሙነታት ኣለዋ። ብዙሓት ባህላዊ ቤት-ትምህርቲታት መሳርሒታት የለቅሓ እየን። ብዛዕባ ወጻኢታት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ን Aurskog-Høland Kulturskole kulturskolen@ahk.no +47 67 20 54 23, www.aurskogholand-kulturskole.no/priser/ ተወከሱ።

**ኣብ ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ንምእታው ከመይ ጌርካ ኢኻ ተመልክት፧**

ንስኻ ወይ ውላድካ ኣብ ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ንምእታው ከተመልክቱ እንተደሊኹም ን Aurskog-Høland Kulturskole kulturskolen@ahk.no +47 67 20 54 23, www.aurskogholand-kulturskole.no ተወከሱ።

ብዛዕባ ባህላዊ ቤት-ትምህርቲ ዝያዳ ሓበሬታ ክትረክብ እንተደኣ ደሊኻ ን **Aurskog-Høland Kulturskole**, +4767205423, kulturskolen@ahk.no, ተወከሱዎም ወይ ድማ ኣብዚ www.aurskogholand-kulturskole.no ብምእታው ዝያዳ ኣንብቡ።

(tigrinja)

(Eritrea og Etiopia)